# ሓተቲ ውቕባ ደቂ ኣንስትዮ፣ ዓመጽ ከምእውን ጥዕና

## ሓበሬታን፣ ምኽሪን፣ ሓገዝን ኣበይ ይርከብ

ሕዳር 2009

scottish refugee council

### ከመይ ክስመዓክን ይኽእል ...

ከም ሓተቲ ውቕባ ደቂኣንስትዮ መጠን፡ ዘደናግርን ምሕረት ዘይብሉን ኣሰራርሓ ናይ ውቕባ ከም ዘጋጠመክን ኮይኑ ክስመዓክን ይኽእል ይኸውን። ብዙሓት ደቂኣንስትዮ፡ ውቕባ ሓቲተን ካልእ መዓልታዊ መነባብሮአን ክገብራ ከለዋ ከምኡ እዩ ዘስምዐን።

ንስኻትክንን ካልኦት ውቕባ ዝሓታ ዘለዋ ደቂኣንስትዮ ብዛዕባ ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት ዘለዋ ደቂኣንስትዮ ተሞክሮታት፣ ስሚዒታት፣ ሻቕሎት ከምእውን ጥዕና ዝምልከት ዝበለጸ ርድኢት ንኽህልወን ንምሕጋዝ፡ መጽናዕቲ ኣካይድና። እዚ መጽናዕቲ ድማ *ሓተቲ ውቕባ ደቂኣንስትዮ፣ ዓመጽ ከምእውን ጥዕና ተባሂሉ ይጽዋዕ።*

እቲ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ጽማቕ ውጽኢት ናይቲ ዝተገበረ መጽናዕቲ ዝሓዘ ክኸውን እንከሎ፡ ከምእውን ንስኽን ወይድማ ካልእ ትፈልጥኣ ጓልኣንስተይቲ ዝኾነ ዓመጽ ወይ ናይ ኣእምሮ ጭንቀት እንተደኣ የጋጥማ ኣሎ ኮይኑ ኣበይ ሓምኽሪ፣ ድጋፍ ወይ ሓገዝ ክረኽቡ ከምእትኽእሉ ይሕብር።

እቲ መጽናዕቲ ከምዝሕብሮ፡ መብዛሕትአን ውቕባ ዝሓታ ዘለዋ ደቂኣንስትዮ፡ ኣብ ዝሓለፈ ህይወተን ዓመጽ ከምዘጓነፈን የርኢ። ከምእውን እቲ መጽናዕቲ፡ ብዙሓት ከምናታትክን ተመሳሳሊ ኩነታት ዘለወን ደቂኣንስትዮ፡ ናይ ጓሂ፣ ጭንቀት ስሚዒት ይስመዐን ከምእውን ከም ሕማም ርእሲ፣ ናይ ሕቖ ቃንዛ ይጭነቓን ዝተፈላለየ ካልእ ስሚዒታትን የሳቕየን።

ካብዚ መጽናዒቲ እዚ ዝተወሰደ ሓበሬታ ነቕርበልክን ምኽንያቱ ድማ ሓደሓደ እቲ ዝስመዓክን ዘሎ ስምዒታት ኣብ ብዙሓት ዘጋጥም ምዃኑ ንኽትርድኣ ክሕግዘክን ይኽእል እዩ ኢልና ስለእንኣምን እዩ። እዚ ካብዚ መጽናዕቲ ዝተረኽበ ሓቅታት ነቲ ዘሎክን ዘሸግር ስቃይ ወይ ስምዒት ፈሊኽን ከተለልይኦን ኣብ ዘድልየክን ግዜ ድማ ሓገዝ ክትደልያን ከኽእለክን ተስፋ ንገብር።

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk
ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ኣብ ስኮትላንድ ዝተመዝገበ ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ። ምዝጉብ ግብረሰናይ። SC008639

እቲ ኣብ ጥቅምቲ 2009 ዝወጸ መጽናዕቲ ብኣብ ሎንደን ናይ ጽሬትን ቤት ትምህርቲ ዝርከብ ክፍሊ ጾታዊ ዓመጽን ናይ ትሮፒካል መድሃኒትን ከምእውን ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ዝተዳለወ እዩ። ኣብ ሞንጎ የካቲት 2007ን ሓምለ 2008ን ምስ ናይ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ናይ ስኮትላንድ ኢንዳክሽን ኣገልግሎት ዝረከባ 46 ደቂኣንስትዮ ናይ ገጽ-ንገጽ ቃለ መጠይቕ ተጌሩ ኔሩ።

ናይዚ ምሉእ ሪፖርት ምስናይ ሓበሬታትን ኣብዚ ናይ ቤት ምኽሪ ስደተኛታ መርበብ ሓበሬታ ክርከብ ይከኣል እዩ፥ www.scottishrefugeecouncil.org.uk/pub/Women_health

## ጽማቕ ትሕዝቶ ናይ ውጽኢት መጽናዕቲ

ስዒቡ ዝቐርብ፡ በተን ኣብ ስኮትላንድ ቃለ መጠይቕ ዝተገብረለን 46 ሓተቲ ዑቕባ ደቂኣንስትዮ ዝቐረበ ቀንዲ ተሞክሮ ዘርኢ ክፋል ናይቲ መጽናዕቲ እዩ።

**ናይ ዑቕባ ሕቶ መስርሕ**

*"ነቲ ብሆም ኦፊስ ዝወሃብ መልሲ ክጽበ ከለኹ ኣዝየ ተጨኒቐ ኔረ። እቲ መልሲ ሕማቕ እንተኾነ ከ? እቲ መልሲ እንታይ ምኺኑ ዘይምፍላጠይ ኣፍሪሑኒ፣ ኣሻቒሉኒ፣ ከምእውን ኣጨኒቑኒ።"*

- 56% ካብተን ምስ ካልኣየን ኮይነን ናይ ዑቕባ ሕቶ ዘቕረባ ደቂኣንስትዮ፡ ካብ ካልኣየን ተፈልየን ርእሰን ክኢለን ከመልክታ ከምዝኽእላ ኣይተሓበረንን።
- 54% ካብተን ደቂ ኣንስትዮ፡ እቲ ናይ ዑቕባ ሕቶ መስርሕ ንጥዕነአን ሽግር ከምዘግደደ ሓቢረን።
- 36% ካብተን ደቂኣንስትዮ፡ ኣብቲ ናይ ዑቕባ ቃለ መጠይቕ ግዜ፡ ደቀን ምሳታተን ከምዝነበሩ ሓቢረን።

**ዓመጽ**

*"ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ዓመጽ፣ ጾታዊ ዓመጽ ከምእውን ፍትሒ ዘይብሉ ኣተሓሕዛ ቅሬታ ኣቕሪበ፡ [ኣብ ሃገረይ በቶም ሓለፍቲ ሰበስልጣናት ኣብ ቤት ማእሰርቲ / ናይ ስደተኛታት ማእከል ብዙሕ ግዜ ዝግበር ዝነበረ] እንተኾነ ግና ብዛዕብኡ ዋላሓደ ዝተኸታተሎ ወይ ስጉምቲ ዝወሰደ ሰብ ኣይነበረን።"*

- 70% ካብተን ደቂኣንስትዮ ኣብ ዕድሚአን ኣካላዊ ከምእውን/ወይድማ ጾታዊ ዓመጽ ከምዘጓነፈን ይገልጻ።
- 65% ካብተን ደቂኣንስትዮ፡ ቀደን ሓደሓደ ካብቲ ዓመጽ ብዓይኖም ከምዝረኣዩ ይገልጻ።

**ኩነታት ኣካላዊ ከምእውን ኣእምራዊ ጥዕና**

*"'ሞይተ እንተዝኸውን ምሓሸ ኔሩ' ዝብል ሓሳባት ኔሩኒ። ዋላሓደ ተስፋ ወይ መጻኢ ከምዘየለ እዩ ዝሰመዓካ። ሓደሓደ ግዜ ድማ ስለምንታይ ናብዚ ከምዝመጻእካን ሓታቲ ዑቕባ ምዃንካን ንኻልኦት ሰባት ክትነግሮም እንከለኻ እንታይነትካ የሕፍረካ።"*

- ልዕሊ ፍርቂ ዝኾና ደቂኣንስትዮ ኩነታት ጥዕነአን ካብ ኣብ ዓደን እንከለዋ ኣብዚ ስኮትላንድ ከምዝገደደ ክሕብራ እንከለዋ፡ ምስ Post Traumatic Stress Disorder (PTSD) ዝተኣሳሰር ምልክት ናይ ሕማም ድማ የርእያ።
- 50% ካብተን ደቂኣንስትዮ ነገራት ናይ ምዝካር ሽግር ከምዘጋጠመን ይሕብራ።
- 20% ካብተን ደቂኣንስትዮ ናይዚ መጽናዕቲ ቃለመጠይቕ ቅድሚ ምግባረን ቅድሚ ሽውዓተ መዓልታት፡ ናይ ነብስ-ቅትለት ሓሳባት ከምዝነበረን ይሕብራ።

**ኣጠቓቕማ ክንክን ጥዕና**

*"ብምኽንያት ኣብ [ሃገር X] ዝነበረኒ ኩነታት ናብራ፣ ናብዚ ምስ ቃንዛይ እየ መጺአ [ኣካላዊ/ኣእምራዊ]። እዚ ድማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይጸልወኒ እንተኾነ ግና ሕክምናን ምኽርን እንዳተቐበልኩ እየ፤ ብዙሕ ከኣ ይሕግዘኒ ኣሎ.... ከምእውን ምስ ካልኦት ሰባት ምርኻብ (ከምእውን) ምርዛራብ ይሕግዘኒ ኣሎ።"*

- 93% ካብተን ስኮትላንድ ዝቐመጣ ደቂኣንስትዮ፣ እኹል ክንክን ጥዕና ከምዝረኸባ ይሕብራ።
- 37% ካብተን ደቂኣንስትዮ፣ ኣብ ዝሓለፈ 12 ኣዋርሕ ብውሑድ ሓደ ግዜ ናብ ናይ ሓደጋ ኢመርጀንሲ (A&E) ከምዝኸዳ ይሕብራ።
- 33% ካብተን ደቂኣንስትዮ፣ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማም ምርመራ (STI) ከምዝተገብረለን ክሕብራ እንከለዋ 54% ካባታተን HIV ተረኺብወን።

## ቀጺሉ ዝስዕብከ እንታዩ?

መንዛሕትአን ቃለመጠይቕ ዝተገብረለን ደቂኣንስትዮ እኹል ክንክን ጥዕና ከምዝረኸባ እኳ እንተሓበራ፣ ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ ብዝሒ ናይቲ ዓመጽ ተመክሮታት ብምርኣይ፣ ኣብ ስኮትላንድ ንሓተቲ ዑቕባ ደቂኣንስትዮ ዝወሃብ ሓገዝ ክመሓየሽ ኣለዎ ኢልና ንኣምን።

እዞም ዝተረኽቡ ሓቅታት፣ ኣብቲ ብቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ዝወሃብ ስራሕ ተራ ኣለዎም። ከምእውን ናይዚ መጽናዕቲ ውጽኢታት ንናይ ኻልኦት ማሕበራት ስራሕ ከማሓይሽ ከምእውን ኣብዚ መዳይ እዚ ፖሊሲ ዝሕንጽጹን ዘተግብሩን በዚ ክሕገዙ ተስፋ ኣሎና።

እቶም እነቕርቦም ቀንዲ ጠለባት ከምዚ ዝስዕቡ እዮም፥

- ንናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ ሆም ኦፊስ (UKBA) ዓመጽ ዘጓነፈን ደቂኣንስትዮ ብዝቐልጠፈ ፈልዮም ክፈልጥወን - ከምእውን ንጭንቅን ጓህን ዝሳቐያ ዘለዋ - ኣብቲ ናይ ዑቕባ ምሕታት መስርሕ ድማ ከምዝግባእ ክሕዝወን ንጽውዕ።
  - እዚ ድማ ንደቂኣንስትዮ ንባዕለን ብዘይ ካልል ሰብን ከመልክታ መሰል ከምዘለወን ምንጋር፣ ከምእውን ኣብ ግዜ ቃለመጠይቕ ደቀን ዝሕዙለን ንኽረኽባ ክሕግዝወን ይግባእ።
- ኣብዚ መጽናዕቲ ከምዝተገልጸ፣ ንናይ ነፍሲ ወከፍ ሓተተ ዑቕባ ደቂኣንስትዮ ድሌት ንምምላእ፣ እቲ ናይ ስኮትላንድ መንግስቲ ነቲ ዘሎ ናይ ጥዕናን ዘቤታዊ ዓመጽን ኣገልግሎታት እንደገና ክርእዮ ንጽውዕ።
- እቲ ሆም ኦፊስን ናይ ስኮትላንድ መንግስትን ንሓተቲ ዑቕባ ደቂኣንስትዮ ጥዕናን ውሕስነትን ዝሕሉ ዝሓሸ ሓገዛት ክህቡ ንሓትት።
- ንናይ UKBA ሰራሕተኛታትን ናይ ኢሚግሬሽን ዳኛታትን ብዛዕባ ናይ ደቂኣንስትዮ ጉዳያት ስልጠና ምሃብ።

## ሓገዝ ኣበይ ክረክብ እክእል?

ኣብዚ መጽሓፍ ካብ ዝተጠቕሱ ተሞክሮ ዝኾነ ንዓኻን ዝትንክፍ እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ፡ ወይድማ ንስኻን ወይ ካልእ እትፈልጥኣ ጓላንስተይቲ ንዓመጽ ወይ ብጥዕና ጉዳይ ምኽንያት ትሳቐ እንተደኣ ኣላ ኮይና፡ ነዚ ብዝምልከት ዝተፈላለዩ ምንጭታት ሓገዝን ምኽርን ኣለዉ።

ናይ ሓደሓደ ኣብ ስኮትላንድ ዝርከቡ ቀንዲ ማሕበራት ዝርዝር ኣድራሻታት፡ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ። እትህብኦ ሓበሬታ ብምስጢር ዝተሓዝ ክኸውን እንከሎ፡ ብዘይ ናትክን ስምምዕ ዝውሰድ ስጉምቲ የለን።

**ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ**

ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ፡ ገባሪ ሰናይ ማሕበር ክኸውን እንከሎ፡ ንደቂኣንስትዮን ደቀንን ናጻ ምኽርን ሓበሬታን ይህብ። ኣካል ናይ መንግስቲ ዓዲ እንግሊዝ ወይድማ ናይ ሆም ኦፊስ ኣይኮናን፤ ምስጢሩ ዝተሓለወን ሪሱ ዝኸኣለን ኣገልግሎት ንህብ። ጉዳያት ዝከታተሉ ሰራሕተኛታትና ድጋፍ፣ ምኽሪ፣ ከምእውን ኣብ ውሑስ ዝኾነ ኣከባቢ ክውን ሓገዛት ይህቡ። እንተደኣ ሓቲትክን ድማ ጉዳይክን እትከታተል ወይድማ ኣስተርጓሚት ጓልኣንስተይቲ ክትምደበልክን ትኽእል እያ።

እዚ ጠቓሚ ኮይኑ እንተደኣ ረኺብክነኦ ድማ፡ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ንዝኾኑ ኣብዚ ሓጺር ጽሑፍዚ ተዘርዚሮም ዘለዉ ካልኦት ማሕበራት ንኽትውከሰኦም ክሕግዘክን ይኽእል እዩ።

**ኣድራሻና፥**

5 Cadogan Square
(170 Blythswood Court)
Glasgow, G2 7PH.

**ናይ ናጻ ተሌፎን፡ 0800 085 6087 ቆጸራ ንምሓዝ ወይድማ ምኽሪ ንምርካብ።**

## ጥዕና

ብዛዕባ ናታትክን ወይ ናይ ቤተሰብክን ኣካላዊ ወይድማ ኣእምራዊ ጥዕና ትሻቐላ እንተደኣ ኰንክን፡ ኣቐዲምክን ነቲ ጠቕላላ ሓኪምክን ትክሕብራ ይግባእ።

**ኣሚና – ናይ ኣስላም ደቂኣንስትዮ ናይ ሓበሬታ ማእከል**

**ናይ ሓገዝ መስመር፡ 0808 801 0301**

Network House, 311 Calder Street, Glasgow  G42 7NQ

ኣሚና ብተወሳኺ ነቲ ንናይ ጭንቀት፣ ጓሂ ከምእውን ሞት ዝወሃብ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎታት፡ ብዘይ ቀጸራ ዝወሃብ ኣገልግሎት እውን ትህብ እያ። ኣብ ዝተኸኣለሉ ግዜ ድማ፡ እቲ ዝቐርብ ኣገልግሎታት ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ይቐርብ፥ ንኣብነት ዓረብ፣ እንግሊዘኛ፣ ፋርሲ፣ ፑንጃቢ፣ ከምእውን ኡርዱ ቋንቋታት።

**ሳንድይፎርድ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎታት   0141 211 8130**

2/6 Sandyford Place (off Sauchiehall Street), Glasgow G3 7NB

www.sandyford.org/

ሳይንድይፎርድ ዝተፈላለየ ናይ ደቂኣንስትዮ ናይ ጥዕና ጉዳያት ብዝምልከት ሓበሬታን ምኽርን ትህብ። ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ሆስፒታል ክፍሊ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማማት እንተደኣ ዘይብሉ ኮይኑ፡ ሳይንድይፎርድ እቲ ዝቐረበ ቦታ ኣበይ ከምዝኾነ ክትነግረክን ትኽእል

**ዓርዑት ደቂኣንስትዮ ምስባር    0141 276 3981**

4th Floor, 30 Bell Street, Glasgow G1 1LG

እዚ ዓርዑት ደቂ ኣንስትዮ ምስባር ዝብል ኣገልግሎት፡ ናይ ቆልዑ ናይ ጾታ ዓመጽ፣ ጾታዊ ምግሳስ፣ ወይ ምፍርራሕ ዘጋጠመን ኣብ ግላስጎው ዝቕመጣ ዕድሜአን ካብ 16 ዓመት ንላዕሊ ዝኾና ደቂኣንስትዮ ዝሕግዝ ሓደ-ንሓደ ዝግበር ናይ ምኽሪ ምሃብን ሓገዝን ኣገልግሎት እዩ። እዚ ኣገልግሎታት እዚ በዞም ዝስዕቡ ቋንቋታት ይወሃብ፥ እንግሊዘኛ፣ ኡርዱ፣ ፑንጃቢ፣ ካንቶኒዝ ከምእውን ማንዳሪን።

**ላይፍሊንክ ናይ ሽግር መስመር 0141 548 1515**

www.lifelink.org.uk

እዚ ላይፍሊንክ ዝበሃል ኣገልግሎታት፡ ኣብ ህይወት ንዘጋጥሙኽን ሽግራት ንምብዳህ ከምእውን ኣእምራውን ኣካላውን ጥዕናኽን ንምምሕያሽ ዝወሃብ ዝተፈላለየ ዓየንት ኣገልግሎታት እዩ። ጭንቀት፣ ከምእውን ነፍስኻ ክትቀትል ናይ ምሕሳብ ወይ ነብስኻ ምጉዳእ ብዝምልከት ምኽርን ድጋፍን ይህብ።

**ሃገራዊ AID ናይ ሓገዝ መስመር፣ 0800 567 123 (24 ሰዓት)**

**COMPASS ናይ ሓተቲ ዑቕባ ከምእውን ናይ ኣእምሮ ጥዕና ዘተሓባብር**

http://www.nhsggc.org.uk/content/default.asp?page=home_compass

እዚ ጉጅለ COMPASS ኣብ ስፕሪንግበርን ዝመደበሩ ክኸውን እንከሎ፡ ናይ ክቱር ጭንቂ ድሕሪባይታ ንዘለዎም ኣብ መላእ ግላስጎው ዝነብሩ ቆልዑ/መንእሰያት ከምእውን ዓበይቲ ሰባት ብባህሊ ተኣፋፊ ዝኮነ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ክንክን የቕርብ። **ብኽብረትኩም ንCOMPASS ቅድሚ ምዝርራብኩም ምስ ናይ ጠቕላላ ሓኪምኩም ተዘራረቡ፤ ምኽንያቱ ናብዚ ዝልእኽኩም ሓኪምኩም ክኸውን ኣለዎ።**

## ዓመጽ

**ፖሊስ/ኢመርጀንሲ (999)**

ንስኽን ወይድማ ውላድክን ህጹጽ ዝኾነ ሓገዝ እንተደላ ዘድልየኩም ኮይኑ ወይድማ ኣብ ሓደጋ እንተደላ ኣሎኹም ኰንኩም፡ ፖሊስ ክሕግዝኹም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ዓመጽ ዝምልከት ዝቐርቡ ሪፖርት ብዕቱብ ዝረኣዩ ክኾኑ እንከለው፡ ደሕንነትኩም ንምርግጋጽ ድማ ዝከኣሎም ይገብሩ።

**ሓገዝ ንደቂኣንስትዮ ስኮትላንድ - መስመር ሓበሬታ ዘቤታዊ ዓመጽ 0800 027 1234 (24 hours)**

ሓገዝ ንደቂኣንስትዮ ስኮትላንድ፡ ዘቤታዊ ዓመጽ ዘጋጠሞም ወይ ዘጋጥሞም ዘሎ፡ ደቂኣንስትዮ፣ ቆልዑ፣ ከምእውን መንእሰያት ሓበሬታ፣ ድጋፍ፣ ከምእውን ውሑስ ዝኾነ ዝጸንሕሉ ቦታ ይህብ።
ሓቢርኩም ምስ እትቕመጥዎ ሰብ ዓመጽ እንተደላ ወሪድኩም፡ እዚ ንፖሊስ ክትሕብሩ ትኽእሉ፡ ወይድማ ኣብቲ መስመር ሓበሬታ ዘሎ ኪኢላ ኣማኻሪ ከተዛራርቡ ትኽእሉ ኢኩም።

**ግላስጎው ናይ ጾታዊ ምግሳስ ማእከል 0141 552 3200**

ኣብዚ መስመር ሓበሬታ እዚ ዝሰርሓ ደቂኣስንስትዮ፡ ንናይ ጾታዊ ምግሳስ ከምእውን/ወይድማ ጾታዊ ዓመጽ ዘጋጠመን ደቂኣንስትዮ፡ ምስጢሩ ዝተሓለወ ምኽሪ፣ ሓበሬታ ከምእውን ድጋፍ ይህባ። እዚ ኣገልግሎት ብቋንቋ እንግሊዘኛ ዝወሃብ ክኸውን እንከሎ፡ እንተደላ ሓቲትኩም ኣብቲ ነጽ-ንገጽ ዝግበር ቆጸራ ኣስተርጓሚ ከምዝቐርብ ክግበር ይከኣል ይኸውን።

**ሃገራዊ ናይ ጾታዊ ምግሳስ ከምእውን ጾታዊ ዓመጽ ናይ መስመር ሓበሬታ 08088 01 03 02**

www.rapecrisisscotland.org.uk/

**ኣርችወይ (Archway) ግላስጎው 0141 211 8175**

www.glasgowarchway.com/

ኣብዘን ዝሓለፉ ሽውዓተ መዓልታት ውሽጢ ዓመጽ እንተደኣ ኣጋጢምክን ኰይኑ፡ ንኣርችወይ ግላስጎው ክትውከሳ ትኽእላ ኢኽን። ናይ ፎረንዚክ ምርመራታት የካይዱ ከምእውን ነተን ጾታዊ ምግሳስ ወይ ጾታዊ ዓመጽ ዘጋጠመን ደቂኣንስትዮ ሓገዝ ይህቡ። 7 መዓታት ኣብ ሰሙን 24 ሰዓት ኣብ መዓልቲ ክፉታት ክኾኑ እንከለዉ፤ ብቐጥታ ክትድውልሎም ትኽእሉ ወይድማ ዝኾነ ኣብ ግላስጎው ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ምስ ኣርችወይ ንኽትራኸቡ ክሕግዘኩም ይክእል እዩ።

**ናይ ግላስጎው ኣንጻር ናይ ደቂኣንስትዮ ዝግበር ዓመጽ ማሕበር (GVAWP)**

ናይዚ ማሕበር እዚ መርበብ ሓበሬታ ኣብ ግላስጎው ከምእውን ኣብ ምሉእ ስኮትላንድ ናይ ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ዝምልከት ሓገዝቲ ዝኾኑ ስልኪ ቁጽርታት ይህብ። እዚ ኩሉ ሓበሬታታት እዚ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታዚ ይርከብ፥ www.gvawp.org.uk

**ናይ ደቂኣንስትዮ ናይ ድጋፍ ፕሮጀክት 0141 552 2221**

www.womenssupportproject.co.uk

እዚ ናይ ደቂኣንስትዮ ናይ ድጋፍ ፕሮጀክት፡ ደቀን ናይ ጾታዊ ዓመጽ ዘጋጠሞም ኣዴታት ናይ ስልኪ ድጋፍ ይህብ። ከምእውን ንናይ ቀልዑ ጾታዊ ዓመጽ፣ ኣብ ሞንጎ ኣዝማድ ዝግበር ጾታዊ ርክብ፣ ዝሙት፣ ከምእውን ካልእ ዓይነት ናይ ጾታዊ ብዝበዛ ግዳይ ንዝኾኑ ናይ ዓጺር ግዜ ድጋፍ ይህብ።

**ውቕባ**

ኣብቲ ብናይ ሆም ኦፌስ ዝግበር ናይ መጀመርታ ቃለ መጠይቕክን ከምእውን ኣብቲ ዝስዕብ ናይ ውቕባ ምሕታት ቃለ መጠይቕክን፡ ብዛዕባ ተሞክሮታትክን ንኻልኣስተይቲ ክትነግራ እንተደኣ ዝቸለክን ኰይኑ ከምዚ ዝስዕብ ክትሓታ ትኽእላ ኢኽን፥

- እንተደኣ ደሊኽን እታ ቃለመጠይቕ ትገብረልክን ጓል ኣንስተይቲ ክትከውን።
- እንተደኣ ደሊኽን ጓልኣንስተይቲ ኣስተርጓሚት።
- ናይ ቆልዓ ክንክን ኣገልግሎት እንተደኣ ዘድልየክን ኮይኑ። እቲ ቃለመጠይቕ ብሓንሳብ ምስ ካልእ ዘመድክን ወይድማ ምስ ውላድክን ዘይኮነስ ንበይንኽን ክግበረልክን።
- እንተደኣ ደሊኽን፡ ካብ ካልኣይክን ተፈሊኽን ናይ በይንኽን ምልክታ ከተእትዋ።

**ናይ ውቕባ ድጋፍ መስመር ምኽሪ 0207 354 9264**

ናይ ውቕባ ድጋፍ መስመር ምኽሪ፡ ኩሉ ግዜ ሶኑይ ካብ ሰዓት 2:00 ድ.ቀ - 4:30 ድ.ቀ ከምእውን ሓሙስ ካብ 10:00 ቅ.ቀ - 12:30 ድ.ቀ ናጻ ዝኾነ ምኽሪ ይህብ።

**ስደተኛታት ደቂኣንስትዮ ናይ ሓበሬታ ፕሮጀክት**

ኣብ ናይ ስደተኛታት ሓገዝ ዝርከብ ናይ ስደተኛታት ደቂኣንስትዮ ናይ ሓበሬታ ፕሮጀክት፡ ነተን ሓደሽቲ ዝመጻ ሓተቲ ዑቕባ ደቂኣንስትዮ ሓጺር ጽሑፍ ኣዳልዩ ኣሎ። እቲ ሆም ኦፊስ ናይ ደቂኣንስትዮ ናይ ዑቕባ ሕቶ ብዝምልከት ውሳነ ዝህበሉ ፖሊሲ ይገልጽ (ናይ ጾታ መምርሒ)። ካብቲ መርበብ ሓበሬታኦም ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ክርከብ ይከኣል፡ www.asylumaid.org.uk/pages/leaflet_for_women_asylum_seekers.html

**ሓበሬታ ብዙሕ ቋንቋታት**

ምስ ካልኦት ናይ ዓዲ እንግሊዝ ኤጀንሲታት ብምትሕብባር፡ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ፡ ነቶም ሓተቲ ዑቕባ ከምእውን ስደተኛታት ዝኾውን ብብዙሕ ቋንቋታት ዝቐረበ ጠቓሚ ሓበሬታ ኣዳልዩ። ሓጸርቲ ጽሑፋት ድማ ብዛዕባ ናይ ዑቕባ ሕቶ ምቕራብ፣ ደገፍ ምርካብ፣ ከምእውን ጾታዊ ጥዕና ዝምልከት ሓበሬታ ዝሓዙ እዮም። ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ፥ ናይ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ኣርማ ዘለዎም ሓጸርቲ ጽሑፋት ጥራይ እዮም ብዛዕባ ኣብ ስኮትላንድ ምንባር ሓበሬታ ዝህቡ። ሓጸርቲ ጽሑፋት ድማ፡ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኣብቲ መርበብ ሓበሬትኦም ይርከቡ፡ http://languages.refugeecouncil.org.uk/english/summary.htm#16

## ጉጅለ ደቂኣንስትዮ

ኣብ ግላስጎው ኣተፈላለዩ ናይ ደቂኣንስትዮ ጉጅለታት ክህልዉ እንከለዉ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝቕመጣ ካልኦት ደቂ ኣንስትዮ ንምርካብ፣ ተሞክሮታት ንምልውዋጥ ከምእውን ኣብዚ ፍሕሽው ዝኾነ ኣከባቢ ሓደስቲ መሓዙት ንምግባር ዕድል ዝህቡ እዮም።

**ማዘር ተሬሳ ኣልባኒያን ከምእውን ኣብ ኩሉ ዓለም ዘለዉ ጉጅለ ደቂኣንስትዮ**

እዚ ጉጅለ እዚ ንኹላተን ደቂኣንስትዮ ክፉት ክኸውን እንከሎ፡ ቀልዑ ድማ ሓንጎፋይ ኢሉ ይቕበል፡ ነናይ ሀገሩ ባህሊ ድማ የቕርብ። ምሳሕ ይቐርብ ከምእውን ናይ መጎዓዝያ ወጻኢታት ዝምልከት ሓገዝ ይወሃብ። እዞም ጉጅለታት እዚኣቶም ድማ ኩሉ ግዜ ሓሙስ ኣብ ጋርነትሂል ናይ ብዙሕ ቋንቋታት ማእከል 21 Rose Street, Glasgow G3 6RE, ኣብ ሞንጎ
12.30 - 2.30 ድ.ቀ ይእከቡ።

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ነቲ ናይ መርይሂል ናይ ምውህሃድ ኔትዎርክ (ማእከላይን ምዕራብን ዘጠቓልል) በዚ ስልኪ ቁጽሪ እዚ ተወከሱ
0141 946 9106